VALG

ኣብ ምርጫ ሃገራዊ ባይቶ 2025 ናይ ምድማጽ መሰል ንዘለዎ ሰብ ዝበለ

## ናይ ምድማጽ መሰልካ ተጠቐመሉ

8 መስከረም ኣብ ኖርወይ ምርጫ ሃገራዊ ባይቶ ዝካየደሉ ዕለት እዩ። ኣብቲ ምርጫ ብምስታፍካ ኣብ ኖርወይ ንዴሞክራሲ ኖርወይ ትድግፍ። እዛ ደብዳቤ ዝመጸትካ፡ ኣብ ውሽጢ ዝሓለፈ ሸሞንተ ዓመታት ኣብ ምርጫ ሃገራዊ ባይቶ ናይ ምድማጽ መሰል ስለ ዝረኸብካ እዩ።

### ልዑል ተሳትፎ ኣድመጽቲ ኽህሉ ኣበርክቶ ምግባር

ዴሞክራሲ ብዙሓት ሰባት ናይ ምድማጽ መሰሎም ኣብ ምጥቃም እዩ ዝምርኰስ። እዚ ኣብ ኖርወይ ናይ መጀመርታ ምርጫኻ ይኹን ወይ ከኣ ቅድሚ ሕጂ ኣድሚጽካ እንተ ኼንካ፡ ነቲ ዕድል ተጠቒምካ ኣብ ፖለቲካዊ መዋቕር ኖርወይ ጽልዋ ኽትገብር ተስፋ ንገብር። ኣየናይ ፖለቲካዊ ሰልፍን ኣየኖት ሕጹያትን ከም እትመርጽ ብርግጽ ናትካ ውሳነ እዩ። እቲ ዘገድስ ንስኻ ተሳትፎ ምግባርካ እዩ።

### ግብራዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ምርጫ

መዓልቲ ምርጫ 8 መስከረም 2025 እዩ። ኣብ ገለ ኮሙነታት ሰንበት 7 መስከረም እውን ምድማጽ ይከኣል እዩ። ብተወሳኺ ኣብ መላእ ሃገር ክሳብ መስከረም 5 ኣብ ዘሎ እዋን ኣቐዲምካ ኽተድምጽ እውን ይከኣል እዩ።

ብዛዕባ ናቑጣታት ምርጫን ኣበይ ከም እተድምጽን ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ወብሳይት valglokaler.no ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ንኸተድምጽ ክትመጽእ ከለኻ፡ ስምካን ዕለት ልደትካን ስእልኻን ዘለዎ መለለዪ መንነት ሒዝካ ምምጻእ ኣይትረስዕ።

ብዛዕባ ግብራዊ ነገራት ሕቶታት ምስ ዝህልወካ፡ ምስ ኮሙነኻ ርክብ ግበር ወይ ድማ ኣብ valg.no ዝያዳ ከተንብብ ትእኽል ኢኻ። ኣብቲ ወብሳይት፡ ኣብ ሓደ ናቑጣ ምርጫ እንታይ ከም ዝግበር ከምኡውን ብኸመይ ከም እተድምጽ ዝገልጽ ሓበሬታ እውን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ናይ ምድማጽ መሰልካ ተጠቐመሉ። ሰናይ ምርጫ ክኾነልካ ንምነ፡

ምስ ሰላምታ፡
ዳይሬክቶሬት ምርጫ ኖርወይ

**ብዛዕባ ዳይሬክቶሬት ምርጫ ኖርወይ**
ዳይሬክቶሬት ምርጫ ኖርወይ ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ኮሙናዊ ምምሕዳርን ዞባዊ ልምዓትን ዝዕየ ኹይኑ፡ ኣብ ኣተገባብራ ምርጫ ኖርወይ ህዝባዊ ምትእምማን ክህሉ ብምግባር ጽኑዕ ዝሰርሐ ዲሞክራሲ ኽህሉ ኣበርክቶ ንምግባር ዝዓለመ እዩ። እቲ ዳይረክቶሬት ኣብ 2025 ቀዳምነት ዝህቦ ስራሕ ቅኑዕ፡ ውሑስ፡ ግሉጽ፡ ዝእመንን ምርጫ ሃገራዊ ባይቶን ባይቶ ህዝቢ ሳሚን ክካየድ ምሕጋዝ እዩ።

VALGdirektoratet

Telefon: 33 41 29 40 | E-post: post@valg.no
Postboks 2080, 3103 Tønsberg
www.valg.no